# ሓጸርቲ ዜናታት

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 26.06.2009

### 1. ወተሃደራት ስርዓት ኢሳያስ፡ ክልተ ህጻናት ብጥይት ቀቲሎም

ብ12 ሰነ 2009 ወተሃደራት ስርዓት ኢሳያስ፡ ንዶብ ክሰግሩ ፈቲኖም ብዝብል ምስምስ፡ ኤፍረም ዓንዳይን (ካብ ተሰነይ) ተስፉኣለም ተኽላይን ዝተባህሉ፡ ዕድሚኦም ካብ 15-17 ዝኸውን 2 መንእሰያት ብጥይት ተኲሶም ድሕሪ ምቕታል፡ ሬሳታቶም በዛብእ መታን ክብላዕ ከይቀበርዎም ከይዶም።

### 2. ኣስገዳድ ናይ ሰፈራ መደብ

ካብ 21-13 ሰነ 2009፡ 3000 ዝኾኑ ገባር በስገዳድ ኣብ ከባቢ ተሰነይ ኣብ ዝርከብ ሰበለንኪት እተባህለ ቦታ ክሰፍሩ ከም እተገብሩ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚኦም ቀዳማይ ዙር፡ ካብ'ቶም ኣብ'ታ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን እትርከብ ኣርባዕተዓሸር ተባሂላ እትጽዋዕ ቍሸት ክሰፍሩ ተመዲቡሎም ዘለዉ ካብ ዞባ ደቡብ (ሰራየን ኣከለ-ጉዛይን) ዝመጹ 10,000 ገባር ኢዮም።

እቲ ስርዓት፡ ቅድሚ'ዞም ተጣየስቲ ምምጻኦም፡ ኣብ'ቲ ቦታ ዝነበረ ኣግራብ በቶም ናይ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ሰራዊቱ ኣቢሉ ክቐጥቕጦ ከምዝጸንሐ ዝፍለጥ ኢዩ።

ነዞም ሓደስቲ ተጣየስቲ፡ 2 ፈዳን መሬት ንነፍስወከፍኩም ክዕደለኩም'ዩ ዝብል መብጽዓ እንተዘይኰይኑ ካልእ ንመግቢ ማይን መንበርን ዝምልከት ዝተገብረሎም ኣገልግሎት የለን። ኣብ ጻሕ ዝበለ ጐልጐል ኢዩ ዝድርብዮም ዘሎ። እቶም ዋናታት ናይ'ቲ መሬት ድማ፡ በዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ናይ'ቲ ስርዓት ኣዝዮም ተቘጢዖም ምህላዎም ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ይሕብሩ።

### 3. ናይ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ስለላ ሓይልታት ነቶም ዶብ ዘስግሩ ንምሓዝ ዝዓለመ ድብያታት ይገብሩ ኣለዉ

ናይ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ስለላ መሓውራት፡ ናብ ሱዳን ክሰግሩን ኣብ ናይ ሕርሻ መሻርዕ ክሰርሑ ዝደልዩን፣ ግን ከኣ፡ ዘሰጋግርዎም ሰባትን መኪናን ዝሰኣኑ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ኣብ ዶብ ሱዳንን ኤርትራን ኣለዉ ዝብል ናይ ሓሶት መናፍሕ ብምዝርጋሕ፡ ነቶም ኣብ'ዚ ስራሕ'ዚ ተዋፊሮም ዘለዉ ሰባት ምስ መኪናኦም ኣብ'ቲ ተጻዊዱሎም ዘሎ መፈንጠራ ከምዝኣትዉ ድሕሪ ምግባር፡ ተኾሲ ከፊቶም ኣደዳ ሞትን መቑሰልትን ማእሰርትን ገይሮሞም ኣለዉ። እታ መኪና ውን፡ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽር ናይ'ቶም ናይ ስለላ መሓውራት ኣትያ ኣላ። ኣብ መንገ'ቶም ቍሱላት ሱዳናውያን ዜጋታት ከምዘለዉ እቶም ምንጪታት ይሕብሩ።

### 4. ዓሰርተው ኣርባዕተ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 18-23 ሰነ 2009 ኣብ ዘሎ ግዜ 7 ወተሃደራትን 7 ሲቪላውያንን ዝርከብዎም 14 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብ'ቶም ወተሃደራት 2 ካብ ክፍለ-ሰራዊት 525፣ 2 ካብ ክፍለ ሰራዊት 48ን፣ 3 ድማ ካብ ክፍለ-ሰራዊት 22 ምዃኖም ተፈሊጡ ኣሎ።